TIGRINYA



# ናይ ዴኒሽ ሓገዝ-ስደተኛታት ፍጾታዊ ምኽርታት

# እንታይ ዓይነት ሐገዝ ክትረክብ ትኽእል?

ናይ ዴኒሽ ሓገዝ-ስደተኛታት ፍቶታዊ ምምኻራት ብነጻን ዘይጸጊዓውን ምኽርታት ንኣብነት ስዒበን ንዘለዋ ሕቶታት የበርክት፤

- መቐመጢ ፍቃድ፤ ምጥርናፍ ስድራ ቤታት፤ ቀዋሚ መቐመጢ ፍቃድ፤ ናይ’ዚ ሃገር ዜግነት
- ምውህሃድ ኣብ ሕብረተ ሰብ፣ ናይ ምውህሃድ ሕግታት ከምኡ’ውን መደባቱን ፕሮግራማቱ
- ሕብረተሰብኣዊ ርክባት፤ ቁጠባዊ ሓገዝ ፤ ናይ ገዛ ጸገማት፣ ኩነታት ስድራ
- ናይ ሕብረተሰብኣዊ ኣእሙሮኣዊ ኩነታት፣ ናይ ምእላይ ሓበሬታን መምርሕን ከምኡ’ውን ካልኦትን

ንሕና ክንሕግዘኹም ንክእለሉ መንገዲ ካብ መንግስታዊ ደብዳቤታት ንዝመጸኹም ምግላጽን ምስ ዝምልከቶ ኣካል ምዝርራብን ጉዳይኹም ተሰማዕነት ንክረኽብ ማለት ናይ ጥርዓን ምግባር መምርሒ ምግባርን እዩ። ናብ ካልኦት ኣገደስቲ ዝኾኑ ናይ ምምኻር ዕድል`ውን ከነመሓላልፍ ንኽእል ኢና።

ነቲ ምኽሪ እትደልየሉ ዘለኻ ጉዳይ ዝምልከቱ ኩሎም ደብዳቤታትን ሰነዳትን ሒዝካ ኣገዳሲ እዩ።

ነዚኦም ወረቓቕቲ ኣብ ቀዳማይ ናብ ምምኻር እትመጸሉ መዓልቲ ሒዝካዮም ክትመጽእ ኣለካ። ንዓኻ ገዛ ከነማጻኣልካ ወይ ድማ ንጉዳይ ናይ ሕጊ መስርሕ ከነካይደልካ ዕድል የብልናን።

ንጉዳያት ዕቅባ ምሕታት ይኩን ናብ ሃገርካ ናይ ምምላስ ሕቶ ንናይ ዴኒሽ ሓገዝቲ-ስደተኛታት ቤት ጽሕፈት ብስልኪ ቁጽሪ 33 73 50 00 ምኟኑ ንሕብር።

## መን እዩ ሓገዝ ክረክብ ዝኽእል?

ናይ ፍቶታዊ ኣማኽርቲ ንዝኾነ ሰብ ኣብ ደኒማርክ ዝመጸ ብዕቕባ ይኹን ብስደት ንዝሓተተ ወይ ከኣ ብስድራ ንዝመጸ  ክንደይ ጌርካ ካብ ትመጽእ ብዘየገድስ ብነጻ ዝሕግዝ ኣካል እዩ ፤

## ምስ መን ትዛረብ ኣሎኻ?

እዞም ኣማኸርቲ ሰብ ሞያ ኮይኖም ብቕዓትን ክእለትን ዘለዎም ሰባት እዮም ምክርን ሓሳብን ብነጻን ብዘይጸጊዕነትን ዝህቡ ከኣ እዮም። ንሳቶም ከኣ ናይ ሕጊ ምሁራት፤ ናይ ሕብረተሰብኣዊ ጉዳያት ኣማኸርቲ ከምኡ'ውን ካልኦት ዝተፈላለይ ተመኽሮን ፍልጠትን ዘለዎም እዮም፤ እዞም ኣማኸርቲ ብሓባር ኣብ ናእሽቱ ጉጅለታት ኮፍ ይብሉ። ንኣብነት ናይ ሕብረተሰብኣዊ ኣማኸርቲ ምስ ናይ ሕጊ ምሁራት።

እዞም ብፍተቶም ኣማኽርቲ ካብ ናይ ዴኒሽ ሓገዝቲ-ስደተኛታት ዝመጽእ ዝኾነ መብርህን ሓቤሬታን ምስ ክኢላታት እንዳ ተወሃሃዱ ምስ ሓድሽ ሕግን፤ ከምኡ'ውን ናይ ወጻእተኛታት ሕግን፤ኣብ ሶሻል መዳይን ከምኡ'ውን ናይ ስነ ኣእምሮ ጸገማት መዳይ ይነጥፉ።

## ኣተርጓሚ

ኣስተርጓሚ ዘድልየካ ምስ ዝኸውን፡ ኣብ ቀረባኻ ንዘሎ ናይ ፍቶታዊ ምምኻር ተራኺብካ ንቛንቛኻ ዝዛረብ ብነጻ ዘገልግል ኣስተርጓሚ እንድሕር ኣሎ ኮይኑ ሕተት። ዕድሚኡ ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ ዝኾነ ከምኡ'ውን እትኣምኖ ክትርጉመልካ ዝኽእል ሰብ ሒዝካ ክትመጽእ ትኽእል ኢኻ።

# ምስጢራዉነት

ፍቶታዊ ኣማኸርቲ ናይ ምስጢር ምዕቛብ ግዴታ ኣለዎም። ኣብ እዋን ምምኻር ንእትነግረና ኲሉ ኣብ ውሽጢ ሕጊ ተመርኲስና ብምስጢር ከምኡ'ውን ብስመ-ስዉር ይተሓዝን ይእለን።

# ኣገባብ ምኽሪ ምርካብ

ክፉት ኣብ ዝኾነሉ ሰዓታት ክትድውል ወይ ድማ ብኣካል ክትመጽእ ትኽእል። ኣብ ገሊኡ
ቦታታት'ውን ኢመይል ክትጽሕፈልና ትኽእል።
ኣብ መርበብ ሓበሬታና flygtning.dk/frivillig/raadgivning
ኣድራሻታት፣ ቁጽሪ ስልኪ ከምኡ'ውን ዝኽፈተሉ ሰዓታትን ትረክብ።

ካብ ርሑቅ ቦት እንተድኣ ትመጽእ ኮይንካ እሞ መታን ፍቶታዊ ምምኻር ንዓኻ እቲ ቅኑዕ ቦታ ምዃኑ ንምርግጋጽ እቲ ዝሓሸ ኣቐዲምካ ስልኪ ምድዋል እዩ።

# ብዛዕባ  ናይ ዴኒሽ ሓገዝ-ስደተኛታት

ናይ ዴኒሽ ሓገዝ-ስደተኛታት ግላውን ካብ ዝኾነ ኣካል ነጻ ዝኾነ ትካል ኮይኑ ኣብ ሰብኣዊ ርህራሄን ኣብ መትከላት መሰል ናይ ደቂ ሰባት ተመርኲሱ ዝሰርሕ እዩ።

ንስደተኛታትን ዝተፈናቐሉን ንሕግዝ፣ ንመሰላቶም ነዕቁብ ከምኡ'ውን ናይ መጻኢ ዕድላቶም ነጠናኽር። ፍቶታዊ ምምኻራት ሃገር ምሉእ ዝሽፍን ናይ ብፍተቶም ዝሰርሑ መርበብ ኮይኑ ኣካል ናይ ዴኒሽ ሓገዝ-ስደተኛታት እዩ። እዚኣቶም ድማ ንስደተኛታትን ወጻእተኛታትን ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ዴንማርክ ህላውነቶም ንኸረጋግጹ ይሕግዙ።



ኣድራሻን ዝኽፈተሉ ግዜታትን ኣብ

**www.flygtning.dk/frivillig/raadgivning**

ተመልከት




NORDIC ECOLABEL
5041 0478
PRINTED MATTER

Danish Refugee Council 2018